ሃገራዊ ዋዕላ National Conference ملتقى الحوار الوطني
ንዲሞክራስያዊ ለውጢ For Democratic Change للتغيير الديمقراطي

# ስቱትጋርት 18/07/2010

ብሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ሽማግለታት ንመሰረታዊ ለውጢ ብትሪ ዝቃለሱ ካብ ኩሉ ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያን ዜጋታትን ስቱትጋትን ከባቢኡን ባዝልን ስወዘርላንድ ዝተኻፈልዎ ዕዉት ኣኼባ ብዕለት 18/07/2010 ኣብ ከተማ ስቱትጋርት ተኻይዱ። ብውጹኢቱ ሽኣ ዓቢ ብስራት ነቲ ንደሞክራስን ንመሰልን ንራህዋን ንለውጥን ዝቃለስ ዘሎ ጅግና ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ተስፋን ሞራልን ዝህብ እዩ ነይሩ።



ወካይል ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

እዚ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባዚ ኣብ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ንኹሉ ንመሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ብጽንዓትን ብምጽውዋርን ብምክብባርን ኣንጻር ጨቛንን ጨፍላቕን ወታህደራዊ ስርዓት ህግደፍ ሓሪኑ ንዝቃለስ ዘሎ ህዝብና እተማእክልን ብእምነት እተገልግልን ዓቕማ ጸንቂቓ እትወደቕ ሽማግለ ካብ ትቐውም ጀሚራ ዓቕማ ኣዋሃሂዳ ብስኒትን ልዝብን ክትሰርሕ ዝጸነሐተን ዘላን እንዳተመርሐ እዩ እቲ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ብልዙብን ሓላፍነታውን ብጽቡቕ ክዛዘም ዝኸኣለ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢልና ንደላይ ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ዝቃለስ ዘሎ ህዝብና ብዝተፋላለየ መራኸቢታት ክንሕብሮን ከነታኣሳስሮ ዝጸናሕና ማለት እቲ ንነዊሕ መዋእል መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝምነዮን ኣጥቢቑ ዝቃለሰሉ ዝነበረ መኣዲ ዘተ ንኹሉ ሕብርታትን ዝንባሌታትን እምነታትን ህዝብና ብማዕረ ዘሳትፍን ዘዛትን ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ እዋኑ መተካእታ ዘይብሉ ቀንዲ ውራይን ዕማምን ህዝባዊ ቃልስና ምዃኑ ተራእዩን ተኣሚንሉን ምስ ተኣወጀ እዛ ሽማግለ ብንጽህና ንዝተዋህባ ህዝባዊ ሓላፍነት ተግባራዊ ንምግባር ብዘይ ዕርፍቲ ለይትን ቀትርን ስጡም ኣኼባታት፡ እንዳ ኣካየደት ኣብ መፈጸምትኡ ከተብጽሖ ዝበቐዐት። እዚ ማለት ድማ ሰፊሕ ጎሽጓሽን መጽናዕትን ብምክያድ ካብ ግዱሳትን ህዝባዊ ሓላፍነት ተሰኪሞም የገልግሉ እዮም ኢላ ዝርኣየቶም ብርክት ዝበሉ ሕጹያት ድሕሪ ምቕራብ ኣብ 6 ዜጋታት ንሃገራዊ ዋዕላ ዝሳተፉ ድሕሪ ምድላው ናይ ህዝቢ ኣኼባ ብምጽዋዕ ናይቲ ኣኼባ ዛዕባታት ብናይ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ምስ ተገለጸን ምስ በርህን ካብ ህዝቢ ዝቐረበ ሕቶታትን ርእይቶታትን ምስ መለሸት ንተሳተፍቲ ዋዕላ ናብ ህዝቢ ኣቕሪባ በብሓደ ብምልላይ ንመንዓዚ ዝኸውን ማተርያላዊ ሓገዝ ካብ ህዝቢ ብምሕታት ዕማማ ምስ ወደአት ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝካፈሉ ወከልቲ ህዝቢ መድረኽ ብምልቃቕ ነቲ ካብ ህዝቢ ንሃገራዊ ዋዕላ ዘሰኒ ርእይቶታን ለበዋታትን ንምእካብን ምስናድን ሓላፍነታ ኣስረከበት።

ድሕሪ እዚ እቲ ኣኼባ ብሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ብምቕጻል ብጉዳይ ኣብ ካምፓላ ርእሲ ከተማ ዩጓንዳ ንዝተፈጸመ ባርባራዊ ቅትለት ኣልዒሉ ምስ ህዝቢ ብምልዛብ መላእ ኣኼበኛ ነቲ ኣረሚናዊ ፍጻሜ ኣልሸባብ ብምሉእ ድምጺ ብምዅናን እዚ ግብረ ሽበራ ስርሒታት ናይ ኣልሸባብ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዘውረዶ ጃምላዊ ቅትለት ብመትከል መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ኣስሚሩ ብምዅናን ናይ ሓዘን መግለጺ ጸሎት ክእውጅን ባንዴራ ኣብ ፍርቂ ከንጠልጥልን ከሎ ብፍላይ እተን ዜጋታተን ዝጠፍእወን ሃገራት ብኽብሪ ድሃዮም ንምፍላጥ ክጓየያ ከለዋ ወኪል ዝሰኣነ ጭቁን ህዝቢ ኤርትራ ግና ደም ከልቢ ከም ዝፈሰሰ ዘእውየሉ ሕጋዊ መንግስቲ ስኢኑ እነሆ ኣብ ስደቱ ውን ፈቐድኡ ይዝሕዛሕ ኣሎ።

እዞም ኣብ ካምፓላ ሂወቶም ዝተዛሕዝሑ ልዕሊ 70 ዝኾኑ ክሳብ ሕጂ ብልክዕ ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ብርክት ዝበሉ ቁሱላት ዝርከብዎም ካብ ዝተፋላለዩ ዜጋታት ክኾኑ ከለዉ ልዕሊ 8 ዝኾኑ ኤርትራውያን ብሰንኪ ጨቋንን ጨፍላቕን ወታህደራዊ ጉጅለ ህግደፍ ካብ ዝፈትውዋ ሃገሮም ሂወቶም ከድሕኑ ዝተሰደዱ ውን ይርከብዎም። ብጻሕታሪ ኲናትን ጸረ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ሃገርናን ጎራባብትናን ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ዝምወን ጸቢብ ሃይማኖታዊ ናይ ሶማል ጉጅለ ኣልሸባብ ዝተጻወደ ነታጒ ክንድዚ ዝኣክል ኤርትራዊ ሂዎት ክሓልፍ ከሎ ካብቲ ቀንዲ ዘሕዝንን ፍሉይ ዝገብሮን ወኪል ህግደፍ ኣብ ካምፓላ ሰሚዑ ከም ዘይሰምዐ ናይ ሐራይ ኮኑ መርገጽ ብምውሳድ ብምስቃጡ እዩ።

ካብዚ ዘሕዝን ኩነታት ብምብጋስ እቲ ኣኼባ ብምስትታንን ብውሽጡ ብምትንካፍን ህዝብና ኣብ ሃገሩ ዘሕልፎ ዘሎ ግፍዓዊ ምሕደራ ከይኣኽሎ ኣብ ስደቱ ብሰኪ ህግደፍ ቅሳነት ከይረክብ ይኸውን ስለ ዘሎ ብሓባር ናይ ሓደ ደቒቕ ጸሎት ብምግባር ነቲ ናይ ኣልሸባብ ድሑርን ባርባራዊ ፍጻሜን መወንቱን ኣጥቢቑ ብምዅናን ሽግር ህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ፍታሕ ንምርካብ እንኮ ኣማራጺ ብስምረት ተቓሊስካ ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ ምዃኑ እቲ ኣኼበኛ ኣስሚርሉ።

ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና።
ፖለቲካውያን ውድባትን/ ሰልፍታትን፡
በርጌሳውያን ማሕበራትን ግዱሳት ዜጋታትን፡
ከተማ ስቱትጋርትን ከባቢኡን።